# መገድታቱ ኣቕንዑ

ንባባት፡ ኢሳ 11፡1-10፥ ሮሜ 15፡4-9፥ ማቴ 3፡1-12።

ማቴዎስ ወንጌላዊ ኣብ ምጅማር ወንጌሉ ኣብ ምዕ. 3 ንዮሓስን መጥምቕ ፊተውራሪ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝኾነ ይነግረና። ፊተውራሪ ክንብል እንከሎና ቅድሚ ንጉሥ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ንጉሥ ዝደልዮን ክቕበልዎ ዘድሊ ነገራት ዝነግር እዩ። ር.ሊ.ጳ. ኣብዚ እዋን ኽገሹ ከለዉ ዳርጋ ኣቐዲሞም ንዘድሊ ነገራት ኣብቲ ዝገሽዎ ዘሰናድዉ ኣለዉ። እቲ መገሽኦም ፍረ ክህልዎ ኩሉ ተሰናድዩ ይጸንሕ። ንዝኾነ ውራይ ኣቐዲምና ንሰናዶ ውራይና ክጽብቐልና፥ ብተበተብ እንተ ኾነ ግን ብዙሕ ይተርፈና። ልደትና ፍረ ክህልዎ ጸጋ ክህልዎ ኣቐዲምና ክንሰናዶ ይግብኣና።

ኣብ ትንቢት ሚልክያስ 1፡1-24 ዘሎ እንተ ኣንበብና ንስብከት ዮሓንስ ሕይወቱን ዝምልከት ኣቐዲሙ ከም ዝተነግረ ንርኢ። ሚልክያስ መጨረሻ ነብይ ናይ ብሉይ ኪዳን ድሕሪ 300 ዓምት ትንቢተ ኢሳያስ ዝመጸ፥ 400 ዓመት ድሕሪ ትንቢቱ ኸአ ኢየሱስ ዝተወልደ እዩ። ስሙ “ልኡኸይ” ወይ “ልኡኽ ኣምላኽ ማለት እዩ። መጽሓፉ ካልእ ልኡኽ ከምዝመጽእ ዝንበ እዩ። “ቕቅድመይ መገዲ ኺጸርግ እልእኽ ኣሎኹ”። እዚ ልኡኽ እዚ ዮሓንስ መጥመቕ መገዲ ክርስቶስ ክቕርብ ዝተወልደ እዩ።

ሚልክያስ ትንቢት ምስ ገለጽ ድሕሪኡ ን400 ዓመት ካብ ኣምላኽ ዝተሰምዐ ትንቢት ኣይነበረን ናይ ሱቕታ ጸጥታ ጊዜ እዩ ነሩ። ናይ ብሓቂ ሓቀኛ ምጽኣት ናይ ጸጥታን ምጽባይን ጊዜ። እቲ ሱቕታ ብድምጺ ዮሓንስ ኣብ ምድሪበዳ ዚእውጅ ድምፂ ተጣሒሱ። ኢየሱስ ንዮሓስ ካብ ኩሎም ነብያት ዝዓበየ ነብይ ይብሎ። ዮሃንስ ዓቢ ዘብሎ ክልንትናኡ ብምልኡ እንታይነት ኣምላኽ ዝገልጽ ስለ ዝነበረ እዩ። ሰባት ኣብኡ ሓቂ ክርእዩ ክኢሎም ንሱ ኸአ ብዘይ ነግ ፈረግ ከይ ፈርሐ ነቲ ክኸውን ዘለዎ ይነግር ነሩ። ነብይ ዓቢ ዘብሎ ንቃል ኣምላኽ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ከብጽሕ እንከሎ እዩ። ዮሓንስ ነዚ ካብ ልደቱ ክሳብ መቱ መስኪርዎ።

ኣብ ርእስና ምልስ ኢልና ክንርኢ እንተ ኸእልና ንሕና እውን ብዘሎና ክርስትያናዊ ጸጋ ሰበኽቲ መስከር ግብሪ ኣምላኽ ክንከውን ትሑዛት ኢና። ኣምላኽ ብኣና ክምስከር ክኽብር ይግባእ። ሰብ ፈሪሕና ወይ ንጥቕምና ደሊና ንኣምላኽ ከይንጠልም ምጥንቃቕ የድልየና። ብቐሊል እንጋገ ሰባት ስለ ዝኾን ምስትውዓል የድልየና። ሎሚ ብዛዕባይ ኢየሱስ እንታይ ምበለ። ሕይወትና ንመን ይምስክር ንበል።

ኣብ መንጎ ትንቢት ሚልክያስን ልደት ዮሃንስ መጥምቕ ዘሎ ናይ 400 ዓመት ናይ ሱቕታን ነብይ ኣምላኽ ዘይተራእየሉ ጊዜ እዩ፥ እዚ ዝሕብሮ ዘዞኻኽሮ ኸአ ጎይታ ብሱቕታ ከይተሰምዐ ከም ዝመጽእ ዘመልክት እዩ፥ ቀዳማይ ምጽኣቱ ትሑትን ብሓፈሻ ብዓለም ዘይፍለጥ እዩ ነሩ። ዘሎናዮ እዋን ዳርጋ ሱቕታ ዘይርዳእ ስለ ዝኾነ ናይ ልደት ትርጉም ዘይርዳእ እዩ። ንእኡ ዝኸውን ቦታ ክንቅርብ እንተ ደኣ ኾና ናይ ጸጥታን ጽምዋን ጊዜ ክህልወና ኣለዎ። ኣብዚ ጊዜ ምጽኣት ንድምፂ ጎይታ ክንሰምዕ ጽን ክንብል ጸጥ ዝበልና ክንከውን ኣሎና። ንኣምላኽ ዝኸውን ቦታ ኣብ ልብኻ ልብኺ ቀሪብካዶ/ክዶ?

ጸጥታ ሰላም ምስትውዓል ምስ ነፍስና ክንዛረብ ዝሓትት ጊዜ እና ዘሎና። ብወገን ዓለም ክንርእዮ ከሎና ከም ሎሚ ጫውጫው ኣይበዝሓን። ድምጺ ሓሶትን ዕግርግርን ብኹሉ ውግእን ወረ ውግእን መይቱ ጠፊኡ ጥራሕ ዝሰምዓሉ ናይ ብኽያትን ምቕዛምን ዘመን እዩ ዝመስል። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሕይወት ናይ

አምላኽ ነገር ክትረክብ ከቢድ እዩ። እሞ እስከ ንኹሉ ዝህብውኽ ዘጨንቕ ሓዲግና ኣብ ጽሙና ርእስና ንመለስ ንኣምላኽ ክንሰምዖን ክንረኽቦ ጸጥ ንበል። ጕያ ጥራሕ ኮይኑ ሕይወትና ንኣምላኽ ጊዜ ንርከበሉ ነዚ ክንገብር ጸጥ ንበል ድምጺ ኣምላኽ መታን ክንሰምዕ።

ዮሓንስ ስብከቱ ክጅምር እንከሎ ኢየሱስ ወላ እኳ ኣይፈለጥ ድሮ ኣብ መንጎ ህዝቢ ነሩ እዩ፥ ስለዚ ንሱ ነቲ መስሕ ድሮ መጺኡ ዘሎ ግን ገና ብብዙሓት ዘይተፈልጠ ዘሎ ክፍልጦ እዩ መጺኡ። ንኢየሱስ ዘየፍለጦ ምኽንያቱ ኣይሁድ ብዛዕባ መስሕ ዝነበሮም ትጽቢትን ርድኢትን ንሱ ብሃንደበት ብመለኮታዊ ኃይሉ ካብ ሰማይ ብዓቢ ክብርን ዝመጽእ ከምኡ ንኹሎም ጸላእቲ እስራኤል ብምጥፋ ከም ዝመጽእ ይጽበዩ ስለ ዝነበሩ እዩ። ግን ኢየሱስ ካብ ሰበይቲ ተወሊዱ ከም ማንም ሰብ ኮይኑ ኣብ መንግኦም ዓብዩ፥ ዝፈልጦ ወይ ካብኦም ፍሉይ ምዃኑ ዝስሕብ ወላ ሓንቲ ኣይነበሮን። ቅ. ዮሓንስ ነዚ ኽገልጽ እንከሎ ብዘይካ ኃጢአት ብኹሉ ንኣና መሲሉ ይብል። ኣብኡ ኃጢአት ኣይርከብን።

ኢየሱስ ክፍለጥ ይግባእ። ሎሚ እውን ሰባት ንኢየሱስ ብዘይ ምፍላጦም ወይ ከአ እናፈለጡ ከምዘይፈልጡ ክኾኑ ዝደልዩ እዮም ኮይኖም ዘለዉ። እዚ ዘሎና እዋን እምብኣር ክነፍልጦ ክንምስክሮ ከምዘሎና ዘዘኻክር እዩ። ዮሓንስ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝበጽሑ እዚ እቲ የዋህ በግዕ ወይ ገንሸል ኣምላኽ ከምዝኾነ ንሱ ብመንፈሲ ቅዱስ ከምዘጠምቕም እናነገር ኣብ ኢየሱስ ገጹ የሳግሮም ነሩ። ክርስትያን ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ዘሰጋግር እዩ። ኣብዚ እዋን ብፍላይ ወለዲ ንውልዶም ኣብ ኢየሱስ ዘብጽሑ ውሑዳት እዮም። ምስ ኢየሱስ ስለ ዘየራኽብናዮም ይጠፍኡና ኣለዉ። ብርግጽ ኣብ ዓለም ኣብ ሃብቲ ነፍልጦም ኢና በዚ እዮም ጸልት ክኸግብ ዝገደደ ክኣምኑ ዘጻግሞም ዘሎ። ኢየሱስ ከም ዝፍለጥ ዘይገብር ወላዲ መጻኢ ሕይወት ደቁ እዩ ዘበላሹ ስለዚ ኣብነት ዮሓንስ ንከተል።

ኣብ ኢየሱስ ኣምላኽን ሰብን ሓደ ኮና። ንሱ ክልተ ባህሪ ኣሎ ክብሃል እንከሎ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ እዩ፥ ብኣምላኽነቱ ዝጎድሎ ዝተርፎ የብሉን ፍጹም ኣምላኽ እዩ። ብትስብእትነቱ ከማና እዩ ግን ኣብኡ ኃጢአት የለን። ንኣና ብትስብእትነቱ እዩ ዝመስለና ግን ከማና ስለ ዝኾነ ነቲ ምስኡ ፈልዩና ዝነበረና ብጸግኡ ስለ ዘጥፍኣልና ተሳተፍቱ ከም እንኽውን ገሩና። ነዚ ክንርዳእ ኢየሱስ መን ምዃኑ ምፍላጥ የድልየና።

ኣይሁድ ኢየሱስ ምስቲ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ስለ ዘየማልአ ክቕበልዎ ከለልይዎ ጸጊምዎም። በዚ ኸአ ወዲ ዮሴፍ ወዲ ማርያም ምሳና ዝዓበየ እንድዩ እዚ ኹሉ ፍልጠት ካበይ ኣምጺእዎ ኣሕዋቱስ እዞም እንፈልጦም ዘይኮኑ እናበሉ መን ምዃኑ ክፈልጡ ወይ ክቕበሉ ከቢድዎም። ዮሓንስ ነዚ መልሲ ንምሃብ እዩ መጺኡ።

ዮሓንስ ንቕሑ ተበራበሩ እናበለ ኣብ በረኻታት ይሁዳ ክሰብኽ ጀሚሩ። መንግሥተ ሰማይ ቀሪባ እያ ተነስሑ እናበለ ውዑይ ስብእና ምስ ዓው ዝበለን ንጹርን ድምጹን ብሩህ ዓይኑን ንኹሎም ነቶም ኣብኡ ዝመጽኡ ዝነበሩ ክሳብ ክንደይ መሸሚሾም ብኃጢአት ተበላሽዮም ካብ መገዲ ኣምላኽ ወጺኦም ከም ዘለዉን ክሳብ ክንደይ ንስሓ ከምዘድልዮም ኣነጺሩ ነጊርዎም። ከምዚ ኢልዎም “መንግሥተ ሰማያት ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ፥ ጎደና እግዚኣብሔር ጽረጉ፥ መንገዱ እውን ኣቕንዑ”። ብናይ ንስሓ ጥምቀት እናኣጠመቖም ከኣ ነቲ ዘድሕኖምን ተስፋ ዝህቦምን ንጎይታ ክርእይዎ ኣዒንቶም ይኽፍተሎም ነሩ።

ሎሚ ንሕና እውን እዚ ናይ ዮሓንስ ስብከት ልብና ተንኪፉ ኣብ ውሽጢ ሕልናና ክንሕቱ እሞ ክንሳሕ ዝዕድም እዩ። ብርግጽ ክንሳሕ መጀመርያ ኃጢአትና ክፍሕትና ክነልሊ ኣሎና። ኃጢአትና ብዙሕ እዩ ናይ ዘመና ፍሉጥ ኃጢአት ኣሎ ንሰብ ካብ ኣምላኽን ካብ ገዛ ርእሱ ኣውጺኡ ጎዲእዎ ዘሎ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ንኣምላኽ ካልኣዊ ገርካ ምርኣይ፥ ንደቂ ሰባት ምዕማጽ ምግሃስ ኣብልዕሊኦም ርኡይ ግፍዒ ምግባር፥ ክሞቱ ክሳቐዩ ምርኣይ ሓጎስ ዝፈጥረሎም ውሑዳት ኣይኮኑ። ኣብ ነንድሕድካ ጭካኔ፥ ዝሙት፥ ስርቂ፥ ቃል ኪዳን ምብታን፥ ጽንሲ ምስዳድ፥ እዝን ካልእን ካብ ኣምላኽ ኣውጺእና ንነብር ኣሎና።

ዮሓንስ መጥምቕ ክቕርቦም ኢሉ ዝሰብኮ ዝነበረ ንሓደ ዘይመጽአ ክመጽእ እዩ ኢሉ ኣይኮነን ። ንሱ ነቲ ድሮ ኣብ መንግኦም መጺኡ ዘሎ፥ ነቲ ኣብ መንግኦም ደው ኢሉ ዘሎ እሞ ዘይፍለጥ ዘሎ ዓለም ክትርእዮ ክትፈልጦን ነቲ ንሱ ዝነግሮን ዘምጽኦን ሰናይ ጽቡቕ ብሥራት ክትሰምዕ እዩ ዝነግር ነሩ። እዚ ኣብ መንጎኹም ዘሎ እቲ መስሕ መድኃኒ እዩ ስዓብዎ ስምዕዎ እናበለ ይነግሮም ነሩ።

አምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ኣይነስተውዕለሉን ክንርእዮ ኣይንኽእልን። ኣይሁድ ኢየሱስ ኣብ መንግኦም ነሩ ግን ክርእይዎ ክፈልጥዎ ኣይ ክእሉን ነጋሪ ሓባሪ ኣድልይዎም። ንሕና እውን ኣብዚ እዋን ቤተ ክርስትያን ነዚ እያ እትነግረና ዘላ። ትሕብረና ትነግረና ኣላ። ከምቲ ኣይሁድ ንዮሓንስ ዝሰምዑ ንሕና እውን ክንሰምዕ እንተ ኽእልና ክግለጸናን ነቲ እንደልዮ ጸጋ ክህበና እዩ። መልእኽቲ ዮሓንስ ግርሁን ኣብቲ ዝብሎ ዘመልከት እዩ። ኢየሱስ ኣብ ሕይወትና ክፍለጥ ወይ ክልለ ኣይክእልን እዩ ምኽንያቱ እቲ መገዲ ጠዋይ መዋይን ብዙሕ ዓጋቲ መገዲ ዘልኦን እዩ። ጎቦታት ሽንጥሮታትን ጠዋይ መዋይን ኣንጎሎታትን ዝመልአ እዩ።

እቲ ኣብ ሕቶ ዘሎ መገዲ ልቢ ሰብ እዩ። ኣብቶም ብፍሉይ ካብ ክርስቶስ ዝፈልዩና ፍሉያት ነገራት ሕይወትና ኣቶኲርና ክንርኢ ኣሎና። ነቶም መገዲ እምነት ሒዝና ከይንጉዓዝ ዓጊቶም ሒዞምና ዘለዉ ውሽጣውን ግዳማውያን ድኽመታትና ክንስዕሮም ኣሎና። ንኣብነት ካብቶም ኣብ ብዙሓት ዝርአዩ ዓገቲ ጠባያት ስኽራም፥ ድራግ (ብፍሉይ መንእሰያት ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ)፥ ቃል ኪዳን ኣጽኒዕካ ዘይምሓዝ፥ ጠባይ ዘይብሉ ዘይሰማማዕ ምስ ኩሉ ተበኣሳይ ምኳን፥ ንሓቂ ደፊርካ ዘይምዝራብ፥ ፍርኂ፥ ጭቆና፥ ውግእ፥ ቁጥዓ፥ ቅምታ ምሕረት ዘይምግባር፥ ሕመታ፥ ዘይምጽላይ፥ ኣብ መኣዲ ኑዛዜን ቅ. ቍርባንን ንብዙሕ ጊዜ ዘይምስታፍ. . . ። እዝን ካልእን ኵሉ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘራኽበና መገዲ ከም ጎቦ ገሩ ምስኡ ከይተራኽብና ክእም እንነብር ይገብረና።

ንብዙሓት ኣጸጊሙና ዘሎ ኣብ ነንድሕድና ርክብ ዘይምግባር እዩ። ብገለ ምኽንያት ኣብ ዘይምርድዳእ ምስ በጻሕካ ክትራኽብ ዘይምድላይ በዚ ምኽንያት ከኣ ኩሉ ተበዲለ ዝብል ኮይኑ ጸገም ክፈትሕ ዝደሊ የለን። ኩልና ነናትና እምባ ሰሪሕና ተበዲለ ኣብ ልዕለይ ዓመት ተፈጺሙ ተኻሒደ እናተባህለ ስኣን ርክብ ገርና ንጸገምና እንፈትሕ ነናትና ጎቦ ፈጢርና ብማዕዶ ክንረኣኣ ንነብር ኣሎና። ብዙሓት ዝተጠምቁ ጌና ኣይተነስሑን ይምለሱ ወይ ይቕይሩ የለዉን እቲ ዝኸፍአ ኸአ ብዛዕባ እዚ ዝገብርዎ የብሎምን ኣይግደሱን ሓንቲ ከምዘየለን ዝኾኑን ይነብሩ። ገለ ክርስትያን እንተ ተጠምቁ፥ ተቐብኡ ቤተ ክርስትያን እንተ ኸዱ ግን ቅ. ቍርባን እንተ ዘይተቐበሉ ዝገበርዎ እኹል ኮይኑ ዝርአዮም ኣለዉ። ወይ ክአ ቤተ ክርስትያን ብምሉእ ተወፋይነት ምኻድ ጥራሕ እኹል ኮይኑ ዝርአዮም ኣለዉ። ኣይሁድ ልክዕ ከምኡ ገሮም ካብ ዓለት ኣብርሃም ጥራሕ ብምውላዶም ጥራሕ ደቂ ኣብርሃም ኢና ዘብሎም ኮይኑ ይስምዖም ነሩ እንተ ኾነ ኣምላኽ ንኣብርሃም ካብዞም ኣእማን እውን ከውጽኣሉ ይኽእል እዩ ዝብል መልሲ ተዋሂቦም። ኣብዚ እዋን ኣምላኽ ምስ ነፍሲ ወከፍና ግላዊ ርክብ ኽገብር ይደሊ ኣሎ። ናይ ወለዲ እምነት ዘይኮነ

(ሕዝ 18፥1-4)፥ ናይ ኣዕሩኽ እምነት ዘይኮነ (ማቴ 25፥1-13)፥ ወላ ምስጢራት ክንቅበሎም እንክሎና ምስቲ ዘሎና እምነት ዘይከይድ እንተ ኾነ (ማቴ 7፥22-23)፥ ምስ ኣምላኽ ርክብ ከምዘሎና ዝገልጽ ኣይኮነን። ሰብ ምስ ኣምላኽ ክራኸብ ስርዓት ብስም ፈጸመ ወይ ከኣ ግዳማዊ ነገራት ብስም ኣማልአ ኣይኮነን ብምሉእ ልብና ኣብኡ ክንምለስ ምስኡ ድልዱልን እሙንን ርክብ ክህልወና ይግባእ።

ብኃጢአትካ ምእማን። ናይ ገዛእ ርእስኻ ኃጢአት ምእማን ቀዳማይ ምልክት ወይ ስጉምቲ ንስሓ እዩ። ብኃጢአትካ ክትእመን እንከሎኻ ናይ ምሉእ ሓላፍነትን ምልክት ጣዕሳ ትገልጽ ኣሎኻ። ኑዛዜ ንስሓ ከምዘይኮነ ምግላጽ ጽቡቕ እዩ። ብዙሓት ነዚ ጌጋ ይገብሩ ብዛዕባ ንስሓ ምስተዘከረ ኑዛዜ ዝገብሩ ገሮም ይሓስቡ። ንዮሓንስ ተኣምኖ ኃጢአት ኣብ ንስሓ ዝመርሕ ንኹሉ እቲ ኣብ ኃጢአት ከውድቐና ወይ ምኽንያት ውድቀትና ዝኾነ ካባና ኣሊና ክንክእል ከሎና ጥራሕ እዩ። ነቲ ምስ ኣምላኽ ፈላልዩና ዘሎ ሽንጥሮ ካብ ፍሉይ ኃጢአትና ብምምላስን ነቲ ዝበደልናዮ ብምኽሓስን ኣብ ንቡር ክንመልሶ ኣሎና።

ንንስሓ ዝበቅዕ ግብሪ ግበሩ (ከም ዝተነሳሕኩም መረጋገጺ ኣቕርቡ)። እዚ ማለት ተነሲሓ ክትብል መጀመርያ ከም ዝተነሳሕካ ጭቡጥ ነገር ክትቕርብ ኣሎካ ማለት ኣብ ልዕሊ ኃጢአት ከም እተዓወትካ። ንኣብነት ተበኣሳይ ነረ ሕጂ ግን ምስ ኩሉ ሰላም ኣሎኹ። ኢሳያስ 11፥1-10 ነቲ ብመስሕ ዝመጽእ ሓዲሽ ዓለም ይነግረና፥ ንሱ ኸኣ ብዕርቂ ወይ ንስሓ ክፍለጥ እዩ። ዕርቂ ወይ ንስሓ ኣብዚ ብዝገርም ስእሊ እዩ ቀሪቡ ዘሎ። ተኵላ ምስ ዕየት ኪሰፍር፥ ነብሪ ኸኣ ምስ ማሕስእ ኪድቅስ እዩ ምራኽን ኵርኩር ኣንበሳን ብሓንሳእ ኪበልዑ እዮም ንስእሽቶይ ወዲ እውን ኪጓስዮም እዩ፥ ላምን ድብን ብሓደ ወፈረን ክበልዓ፥ ወለልደን ከኣ ብሓደ በጥ ኪብሉ እዮም ይብል። እዚ ዝሕብሮ ዝኾነ ጽልኢ፥ ክፍኣት፥ ተጻይነት፥ ፍልልይ፥ ሕዱር ጽልኢ ወዘተ ከምዘየለ ዝነግር እዩ። ኣብዚ ጊዜ ምጽኣት ኩልና ኣብ መንገና ዘይፍታሕ ዘይዕረ ዝኾነ ክፍኣት ክህሉ ኣይግባእን። ንኹሉ ሓዲስና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምሉእ ንጽሕና ክንቀርብ ኣሎና። ሰላም ኣብ ጽቡቕ ዕርክነት ዝተመስረተ እንተ ኾነ የተኣሳስር፥ ሓደ ይገብር፥ የፋቕርን ከም ፍረ ናይ ንስሓን ካብ ባእሲ ኮይኑ ክርእ ይክኣል።

እቲ ቀንዲ ኣትኵሮ ተዋሂብዎ ዘሎ ነጥቢ እምብኣር "እንተ ኸኣልና ኣብዚ መጸዋዕታ ንንስሓ ብኹሉ መእዝኑ እንተ ኣፍረና ህላዌ ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ መስሕ ድሮ ኣብ መንገና ከምዘሎ ክነረጋግጽ ኢና (ማር 1፥15)። እምብኣር ምቅርራብና ትርጉምን ፍረ ክህልዎ ብልቢ ክኸውን ይግባእ። ብርግጽ ክትቅረብ ጻዕሪ ድኻም ኣልኦ ኣብ መወዳእታ ግን ፍረ ኣልኦ የሓጉሰካን የዕውተካን። ሎሚ ኣብዚ ቅዱስ እዋን ንተዓወት ልብና ርክብና ክርከቦ በብወገና ንቀርብ ሎሚ ቤተልሔም ስፍራ ልደቱ ኣብ ልብና ይኹን።
ኽክክክክክክ
ቃል ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ ልብና ገርና መገድታቱ ነቕንዕ ኣምላኽና ኣብኡ ክመላለስ እሞ ሰላም ፍቕሪ ኣብ መንገና ክነግስ። ብጸጋኡ ኣብዚ የብጽሓና።

ቅዱስ ምቅርራብ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።